*<u>መበል 18 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ</u>*

ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ደቡብ ኣፍሪቃ ዝነብሩ ኤርትራውያን ንጽምብል መበል 18 በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ "ናጻ መስመርና ዋሕስ ልምዓት፡" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብምድቀት ኣብዒሎም። ኣብቲ ብዕለት 23 ግንቦት 2009፡ ኣብ ከተማ ጆሃንስበርግ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ካብ ከተማታት ጆሃንስበርግ፡ ፕሪቶርያ፡ ኬፕታውን፡ ደርባን፡ ኪምበርሊን ካልኦት ቦታትን ዝመጹ ልዕሊ 350 ዜጋታት ተሳቲፎም። ኣብቲ ብምዕሩግ ኣገባብ ዝተዋደደ፡ ብሃገራዊ ጭርሖታትን ስልማትን ባንዴራታት ኤርትራን ዝወቀበ ኣደራሽ ግሪኽ ሄለክኒክ ኢስት-ገይት፡ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ናይ ድራር መደብን ብጉጅለ ባህሊ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተዳለወ ድሙቕ ባህላዊ መደባትን፡ ማዕሪጉ ሓዲሩ። ኣብቲ ኢጋጣሚ ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኤ/ሃ/ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣቶ ተወልደ ምሕረትኣብ፡ ነቲ በዓል ኣመልኪቱ፡ ንህሉው ኩነታት ሃገርን ንጥፈታት ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃ ዘንጸባርቕ ቃል ኣስሚዑ። ኣብ መደረኡ ኣቶ ተወልደ፡ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ጎድናዊ ልምዓታዊ መደባት፡ ትምህርቲ፡ ትሕተ-ቅርጽን፡ ምርግጋጽ ውሕስነት መግብን፡ እተካይዶ ዘላ ገስጋስ ዘብርህ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ። ከምኡ'ውን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃ ዝተሰላሰለ ውጥን ህዝባዊ መኸተ ዕዉት ከምነበረን፡ 70% ተዓሚሙ ምህላዉን ድሕሪ ምሕባር፡ ዝተረፈ መደባት ንምስላጥ ኣብ ዓመተ 2009 ህዝቢ ሓላፍነት ተሰኪሙ ብንጥፈት ኪዋስኣሉ ተላቢዩ።

ብተወሳኺ ብማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተዳለወ ናይ ትሕቲ-ዕድመ ህጻናት ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ተኻዪዱ፡ ዕዉታት ዝተዳለወሎም ሽልማት ካብ ፈጻሚ ጉዳያት ኤ/ሃ/ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣቶ ኻልድ ኣበራ ተቐቢሎም።

ብተወሳኺ ኣብ ዛምቢያ፡ ኣንጎላ፡ ዛምቢያን ቦትስዋናን ዚርከቡ ኤርትራውያን ብዕለት 24 ግንቦት ንጽምብል መበል 18 በዓል ናጽነት ኤርትራት ብድምቀት ኣብዒሎሞ። ኣብ ዛምብያ ካብ ኤ/ሃ/ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣቶ ተወልደ ምሕረትኣብ፡ ተረኺቡ ቃል ኣስሚዑ።